# መንሸሮ ኣቑዲምካ ንምርካብ ዝግበር መርመራታት

ኣውስትራልያ ሰለስተ ናይ መንሸሮ መመመዪ መርመራ መደባት ኣለዋ። እዚ መደባት እዚ ናይ ከርሲን፣ ናይ ጡብን፣ ናይ ክሳድ ማህጸንን መንሸሮ ናይ መጀመርታ ምልክታት ንምርካብ ቀለልቲ መርመራታት ይጥቀም። መንሸሮ ቀልጢፍካ ምርካብ ንኽፍወስ ዝቐለለ ይገብሮ፣ እቲ ብህይወት ናይ ምንባር ዕድላት ድማ ዝለዓለ እዩ።

እቲ መርመራታት ንምልክታት መንሸሮ ዘይብሎም ሰባት'ዩ። ምልክታት መንሸሮ እንተለኪ ንሓኪምኪ ንገርዮ።

ቀጠልያ ወይ ሰማያዊ (ግዜያዊ) ናይ ሜዲኬር ካርዲ እንተለኪ እቶም ሰለስተ መርመራታት ብናጻ እዮም። ናይ ሜዲኬር ካርዲ እንተ ዘይብልኪ እቲ መርመራ ኽንደይ ከም ዘውጽእ ንምፍላጥ ንሓኪምኪ ኣዘራርብዮ።

## ናይ መንሸሮ መመመዪ መርመራ ህይወትኪ ከድሕን ይኽእል እዩ።

ብዛዕባ ናይ ከርስን፣ ናይ ጡብን፣ ናይ ክሳድ ማህጸንን መንሸሮ መመመዪ መርመራ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረኽቢ እንተ ደሊኺ፣ ናብዞም ዝስዕቡ ብጽሒ

- cancersa.org.au
- breastscreen.sa.gov.au
- ncsr.gov.au

መንሸሮ ከም ዘለኪ ምስ ፈለጥኪ ደገፍ ዘድልየኪ እንተ ኾይኑ **ቤት ምኽሪ መንሸሮ ደቡብ ኣውስትራልያ/Cancer Council SA** ብ**13 11 20** ደውሊ።



እዚ ፍልፍላት መረዳእታ እዚ ብቤት ምኽሪ መንሸሮ ደቡብ ኣወስትራልያ/Cancer Council SAን ብሬስትስክሪን ደቡብ ኣወስትራልያ/BreastScreen SAን ዝተዳለወ እንትኸውን፣ ሕትመትን ትርጉምን ብካንትሪ ኤሴኤ ፒኤችኤን/Country SA PHN እዩ ተመዊሉ።

Breast Screen SA

Government of South Australia
SA Health

phn COUNTRY SA
An Australian Government Initiative

Cancer Council SA

ብዛዕባ መንሸሮ ብናጻን* ምስጢራዊ (ስቱር) ሓበሬታን ደገፍ፣ ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ሰዓት 9.00 ቅ. ቀ.– ሰዓት 5.00 ድ.ቀ.፦

- ቤት ምኽሪ መንሸሮ/Cancer Council **13 11 20** ደውላ
- ቀጥታ ብኢንተርነት ኣብ **cancersa.org.au** ኣዕልላ (ቻት ግበራ)
- ኢሜይል **askanurse@cancersa.org.au**

ብናጻ* ናይ ምስትርጓም ኣገልግሎት ኣብ **131 450** ይርከብ።

*ዋጋ መደወሊ ውሽጢ ሃገር

ኣብ 2025 ለካቲት ተገምጊሙ

Tigrinya | ትግርኛ

Cancer Council SA

# መንሸሮ ኣቑዲምካ ንምርካብ ዝግበር መርመራታት

## ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ኣውስትራልያ መደባት መመመዪ መርመራ መንሸሮ



መንሸሮ ቀልጢፍካ ምርካብ

ሓበሬታን ደገፍን

**131120**

**cancersa.org.au**




# መንሸሮ ከርሲ ኣቐዲምካ ምርካብ

ኣውስትራልያ ሃገራዊ መደብ መመመዪ መርመራ መንሸሮ ከርሲ ኣለዋ። እቲ መደብ መብዛሕትኡ ግዜ እቶም ምልክታት ቅድሚ ንባዕልኻ ምግሃዶም ናይ መንሸሮ ከርሲ ናይ መጀመርታ ምልክታት ንምርካብ ቀሊል መርመራ ይጥቀም። እቲ መርመራ ናብ ገዛኻ (ቤትካ ኣምሓርኛ ይመስለኒ) ክለኣኽ እዩ።

ኩሎም ደቂ 45-74 ዓመት ዝኾኑ ኣውስትራልያውያን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ዓመት ናይ መንሸሮ ከርሲ መርመራ ክገብሩ ኣለዎም።

**ዕድመ 45-49፦** ናይ መጀመርታ ናይ መንሸሮ ከርሲ መርመራኻ ብቀጥታ ብኢንተርነት ኣዝዝ። ድሕሪኡ በብኽልተ ዓመት ብቀጥታ ሓድሽ መርመራ ክትረክብ ኢኻ።

**ዕድመ 50-74፦** ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ዓመት መርመራ መንሸሮ ከርሲ ምእዛዝ ከየድለየካ ክልኣኸልካ እዩ።

### ቤት ምኽሪ መንሸሮ ደቡብ ኣወስትራልያ/Cancer Council SA ኸምዚ ይመክር፦

- እቲ ናይ መርመራ ናውቲ/ኪት ብጾስጣ ምስ በጽሐ ኽትፍጽሞን ክትመልሶን ኣሎካ።
- ምልክታት ሕማም መንሸሮ ከርሲ እንተልዩካ ንሓኪምካ ምዝራብ / ምንጋር። ገለ ኻብቲ ምልክታት ካብ ኣንፈ-መዓንጣኻ (ባጡቕ) ደም ምፍሳስ፣ ቀልቀል ምስ ወጻእካ ኣብ ሽቓቕ ወይ ኣብ ናይ ሽቓቕ ወረቐት ደም ምርኣይ፣ ዘይተገልጸ ድርቀት ወይ ውጽኣት፣ ወይ ዘይተገልጸ ድኻም የጠቓልል።
- ኣብ ስድራቤትካ ታሪኽ መንሸሮ ከርሲ እንተልዩ ንሓኪምካ ምዝርራብ።

**ከምዚ ዝስዕብ ንምግባር QR ኮድ ስካን ግበሩ፦**

- **ናይ መጀመርታ መመርመሪ ናውቲ/ኪትኪ፣ ወይ መተካእታ መመርመሪ ኣዝዚ።**
- **ብቛንቋኺ ሓበሬታ ርኸቢ።**



# መንሸሮ ጡብ ኣቐዲምካ ምርካብ

ብሬስትስክሪን ደቡብ ኣወስትራልያ/BreastScreen SA መንሸሮ ጡብ ኣቐዲምካ ንምርካብ ብናጻ ናይ ማሞግራም መመመዪ ምርመራታት ይህብ ኢዩ። ማሞግራም ናይ ኣጥባት ኤክስረይ እዩ።

ናይ ማሞግራም መመመዪ ምርመራታት ንደቂ 40ን ካብኡ ንላዕልን ንዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ከኣ ንደቂ 50 ክሳዕ 74 ዝዕድሚኦን እዩ ዝግበር።

ናይ ናጻ ማሞግራምኪ ንምግባር ንምምዝጋብ ነቲ QR ኮድ ስካን ግበሪ ወይ ናብ ብሬስትስክሪን ደቡብ ኣወስትራልያ/BreastScreen SA ብ13 20 50 ደውሊ። ንቆጸራኺ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ኣስተርጓሚት ብዘይ ክፍሊት ክምድቡልኪ ይኽእሉ እዮም።

ኩለን እተን ስራሕተኛታት ደቂ ኣንስትዮ እየን። ንኽትሳተፊ ካብ ሓኪምኪ መወከሲ ኣየድልየክን እዩ።

### ቤት ምኽሪ መንሸሮ ደቡብ ኣውስትራልያ/Cancer Council SAን ብሪስትስክሪን ደቡብ ኣወስትራልያ/BreastScreen SAን ከምዚ ይመኽሩ፦


- ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ዓመት ብናጻ ናይ መመመዪ መርመራ ማሞግራም ምግባር።
- መእንታን ዝኾነ ይኹን ለውጢ ከተስተብህሊ ንቡር ትርኢትን ስምዒትን ኣጥባትኪ ምፍላጥ። እዚ ለውጥታት እዚ ከኣ ሕበጥ፣ ካብ ጫፍ ጡብ ዝወጽእ ፈሳሲ፣ ወይ ከኣ ንቡር ዘይኮነ ካልእ ለውጢ የጠቓልል።
- ዝኾነ ይኹን ለውጢ እንተ ኣስተብሂልኪ፣ መመመዪ መርመራ ማሞግራም ንኣኺ ግቡእ ስለዘይኮነ፣ ንሓኪምኪ ምዝርራብ።

### ናብ breastscreen.sa.gov.au ብጽሒ፦

- ብዛዕባ ማሞግራም ምግባር ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኺ።
- ብቛንቋኺ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ።

**ከምዚ ዝስዕብ ንምግባር QR ኮድ ስካን ግበራ፦**

- **ናይ ማሞግራም ቈጸራኺ ቀጥታ ብኢንተርነት ሓዚ።**



# መንሸሮ ክሳድ ማህጸን ኣቐዲምካ ምርካብ

ኣንጻር ሰባዊ ፓፒሎማቫይረስ (HPV) ክታበት ምውሳድን ስሩዕ መመመዪ መርመራ ክሳድ ማህጸን ምግባርን ንመንሸሮ ክሳድ ማህጸን ደው ከብሎ ይኽእል እዩ።

ደቂ ኣንስትዮን ደቂ 25-74 ዓመት ዝዕድሚኦን ክሳድ ማህጸን ዘለወን ሰባትን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሓሙሽተ ዓመት ኣብ ናይ ሕክምና ክሊኒክ መርመራ ክገብራ ኣለወን። ባዕልኺ እቲ መርመራ ክትገብሪ ትኽእሊ ኢኺ (ዓርሰ-ምእካብ)፣ ወይ ከኣ ሓኪም ወይ ኣላዪት ሕሙማት (ነርስ) መርመራ ክትገብረልኪ ትኽእል እያ።

### ቤት ምኽሪ መንሸሮ ደቡብ ኣወስትራልያ/Cancer Council SA ኸምዚ ይመክር፦

- ኣንጻር ሰባዊ ፓፒሎማቫይረስ (HPV) ክታበት ምውሳድ። እዚ ክታበት ነቶም ካብ 12 ክሳዕ 25 ዝዕድሚኦም ሰባት ብናጻ ኢዩ ዝወሃብ። ነቲ ክታበት ኣብ ፋርማሲ ወይ ኣብ ሕክምናዊ ክሊኒክ ውሰዲዮ። 7 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክታበት ይወሃቦም ኢዩ።
- ካብ 25 ዓመት ኣትሒዝካ ናይ ማህጸን መመመዪ ምርመራ ምግባር።
- ቈጸራ ክትገብሪ ከለኺ ኣስተርጓሚት ዘድልየኪ እንተ ኾይኑ ሕተቲ። እንተ ደሊኺ እውን ጓል ኣንስተይቲ ሓኪም ወይ ኣላዪት ሕሙማት (ነርስ) ክትሓትቲ ትኽእሊ ኢኺ።
- ዝኾነ ይኹን ምልክታት ሕማም መንሸሮ ክሳድ ማህጸን እንተልዩኪ ንሓኪምኪ ኣዘራርብዮ። እቲ ምልክታት ኣብ መንጎ እዋን ጽግያትኪ ደም ምፍሳስ ወይ ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ ቃንዛ የጠቓልል።

**ብዛዕባ መመመዪ ምርመራ ክሳድ ማህጸን፣ እንተላይ ብዛዕባ ኣማራጺ ዓርሰ ምእካብ ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኺ ነቲ QR ኮድ ስካን ግበሪ።**